tip doc




# ሓካኪን (ናይ ቆርበት ሕማም)

## ሓካኪን (ስካቢስ) እንድሕር ወጺእካ ብኸመይ ክትፈልጥ ትኽእል?

አብ ቆርበትካ ቀይሕ ምልክት ይረኤ ከምኡ'ውን አብ መንጎ ኣጻብዕትኻ ይኹን አብ መንጎ ኣጻብዕቲ እግርኻ፣ ኣብቲ ማሙቕ ዝኾነ ናይ ቆርበት ሹግሹግ ንኣብነት ከም ኣብ ትሽትሽካ ወይ ኣብ ሽንትኻ የሳሒየካ። ለይቲ ኣብ ማሙቕ ዝኾነ ኮበርታ ምስደቀስካ እቲ ዘሳሕየካ ኣዝዩ ይገድድ።



ክምዚ ዓይነት ምልክት ምስዘጋጥመካ ናብ ሓኪም ኬድካ ክትረኤይ ኣሎካ።




ሓኪም ሓካኪን (ስካቢስ) ከምዘለካ እንድሕር ኣረጋጊጹ።

መራኽብቲ

ኩሎም ንሳኻ ብኣካል ተራኺብካ ምትንኻፍ ናይ ሰውነት ዝነበረካ ሰባት ናይ ግድን ክትሕብሮም ኣሎካ።



እዞም ሰባት እዚኦም እውን እንተኾነ ናብ ሓኪም ክኸዱ ኣለዎም፡፣



እቲ ዝግበር ሕክምና ከመይ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ኣብ ድሕሪት ተመልከት
ሓፈሻዊ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ንምፍላጥ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ቑጽሪ 2 ተመልከት

© Bild und Sprache e.V., www.medi-bild.de, keine Gewähr 20

## ሓካኪን (ስካቢስ) ንምጥፋእ ዝግበር ሕክምና እንታይ ይመስል?*





ሓኪም ዝለከይ ቅብኣት ይእዝዘልካ።





መጀመርያ ነብስኻ ትሕጸብ ከምኡ’ውን ጽፍርኻ ኣሕጺርካ ትቆርጾን ተጽርዮን።







እቲ ዝተኣዘዘልካ ቅብኣት ኣብ ኩሉ ነብስኻ ብጀካ ኣብ ርእስኻ ገጺፍካ ማዕረ ጌርካ ኣብ ኩሉ ቆርበትካ ትለኽዮ። (ካብ 4 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ጥራሕ)

እቲ ቕብኣት ን 8 ሰዓት ተለኺዩ ክጸንሕ ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ናይ ለይቲ ጊዜ እቲ ቅብኣት ብሳምና ጌርኩም ተሓጺብኩም ተጽሪዎ።

ድግማ ድሕሪ 7 መርገም።



ጽሩይ ክዳውንቲ ትኸደኑ።

ምርጫ ሕክምና Ivermectin (Scabioral®):
1 x 1 ከኒና (200 µg/kg ሚዛን). ድግማ ድሕሪ 7 መርገም።



እቲ ዝተገብረ ሕክምና ዕውት ምዃኑን ዘይምዃኑን ንምፍላጥ እቲ ሓኪም ክምርምሮ ኣለዎ።




---

* ጥቢቆ፡ እዚ ሓበሬታ እዚ በቲ ብ ፔርመትሪን ዝግበር ተራፒ (ንኣብነት Infectoscab®, Nix™, Dermal Cream™, Elimite™) ብምምርኳስ ዝወሃብ ሓበሬታ ኢዩ። ካልእ መድሃኒት (ንኣብነት ከም Benzylbenzoat (Antiscabiosum®) ዝኣመሰሉ እንድሕር ኮይኑ ብተደጋጋሚ ክግበር ኣለዎ። ብኽብረትኩም ብዝተኻእለ መጠን እቲ ሓኪም ዝሀበኩም ሓበሬታን እቲ ምስቲ መድሃኒት ዝወሃብ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ተመልከቱ።

© Bild und Sprache e.V., www.medi-bild.de, keine Gewähr

## ጽርየት ብዝምልከት ክማላእ ዘለዎ ሓፈሻዊ ቕጥዕታት
ንአብነት ሓካኪን (ናይ ቆርበት ሕማም) ወይ ቁማል ብዝምልከት





ምስ ቆርበት ተላጊቡ ዝነበረ ኩሉ ነገር (ንኣብነት ክዳን፣ ኣንሶላን ካልእ ናይ ዓራት ናውቲ፣ ሽጎማኖ) ብ50°C ክሕጸብ ኣለዎ።

ወይ





ን 3 መዓልቲ ከይተጠቐምኩም ኣብ ሓደ ናይ ፕላስቲክ ሻንጣ ብጥብቂ ዓቢጥኩም ዕጸዉዎ።

ወይ




ካብ 1 ስጋብ 2 ሰዓት ኣብ በረድ ዘለዎ ቦታ ኣቐምጥዎ።

ከምኡ'ውን



ሶፋ ብናይ ንፋስ መስሓቢ ኣስኮባ ጌርኩም ኣጽርይዎ።



መዓልታዊ ጽሩይ ዝኾነ ክዳውንቲ ክትቅይሩ የድሊ።

Dieses Informationsblatt wurde gefördert vom Amt für Flüchtlingshilfe Esslingen.

© Bild und Sprache e.V.
www.medi-bild.de
info@medi-bild.de

Bild und Sprache e.V.

© Bild und Sprache e.V., www.medi-bild.de, keine Gewähr